# ትዕዝብቲ ካብ መዝገበ ታሪኽ፡

መን ካብ መን ይሓይሽ ኣብ ልዕሊ መን ክውርዚ
ዕንቅሪብት ተመን ኩልኻትኩም ሕንዚ (የማነ ባርያ)
(ካብ 1ይ ክሳብ 4ይ) መወዳእታን)
ኣለም ተስፉ ቶሮንቶ ካናዳ! መጋቢት-ሚያዝያ 2004

***ታሪኽ ኝኽንፍልጦ ደኣ እምበር ኝኽፈላልየና ክንጥቀመሉ የብልናን፡
ግን'ከ ካብ ሕልፍ ታሪኽ ተማሂርና ንዝመጽእ ከይንዕሾ ከንስተባህል ይግባእ።***

እቶም በጻብዕቲ ዝቕጸሩ መራሕቲ ውድባት ኢና ዝብሉን ኮራኹሮምን ካብ ስሳታትን ሰባዓታትን ኣትሒዞም ብጹሑፋትን ከምኡውን ብናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳን ንስልጣኖም ክብሉ ንህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖት ይኹን ብዓሌት ዝፈላለይዎ ገለን መርሕቲ ሃገር ኮይኖም ገለን ኣብ ዝተፋልለያ ውድባት ፋሕ ኢሎም ዘለው ሕጂ ውን እንተኾነ ነንሕድሕዶም ክመናጨቱን ክጸላለሙን እንተዘይኮይኖም እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝፍጽምዎ ዘለው ኣሽክዕላልነት ኣብ ግምት ከየእተው ነቲ ኣነዋሪ ዝኾነ ታሪኾም ብጉልቡብ ሜላ ኝሽይጥቀምሉ ሕዝቢ ነቒሑ ክቃለሶም ይግባእ።

ካብዚ ዝቕጽል ጽሑፍ ብፍርይ ዝበለ ካብ ሱሳትታ ኣትሒዙ ክሳብ ዘለናዮ ግዝያት ዝተፈጸመን ዝፍጸም ዘሎን ዘይሸርዕ ታሪኽ መሪሕነታት እዩ። መሪሕነት ፈለምቲ ሰውራ ኤርትራ ካብ መስከረም 1961 ክሳብ 1970 ዓ-መ-ፈ ዝነበሩ፡ ድሕሪኡውን ኣካላዊ ወይ ተካእቲ ዝምባሌታቶም ዝተዋስእሉ፡ ነቲ ዝኸይድ ዝነበረ ሃገራዊን ናጽነታውን ሓርነታውን ቃልሲ፡ ናብ ዝተፋላለየ ሃይማኖታዊን ዞባውን ቀቢላውን ድሑር ማሕበራዊ ዝንባሌታትን ኣብ ድሑር ታኼላታት ከም ዝኣቱ ስለ ዝገበርዎ፡ ኣብ ነንሕድሕዶም ኣብ መንጎ መሳፍንቲ ቀይሕ ባሕርን (ዑስማን ሳልሕ ሳበን) መሳፍንቲ ባርካን ሰንሒትን (እድሪስ ኣደምን - እድሪስ ዑስማን ግላውድዮስን) ዝላዓል ናህሪ ጥርዚ ሕናኔ መን ዓብለለ ብርቱዕ ውድድራዊ ቃልስታት ካብ 1965 ክሳብ 1970 ዓ-መ-ፈ. ድሕሪ ምክያድ፡ ሓደ ነቲ ሓደ ኝኽዕብልል ክቑጻጸርን ስለ ዘይተኻኣለ፡ ኣብ ፖለቲካዊን ወታሃደራውን ዓቕምን ዓይነትን ምጣኔ ዝተማዛዘነ ስለ ዝተኣትወን፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ናይ ተቓወሞ ብዕላዊ ክውንነት ስለ ዝተራጋገጸ፡ (ዑስማን ሳልሕ ሳበ) ኣንጻር ውሳኔታት ዋዕላ ዕታራ ብጉባኤ ኣዶብሓ ዝፍለጥ ንስጉምትታ ቅያደል ዓማ ብምቅዋም፡ ነቶም ኣብ ስሉስ ሓድነት ቀንዲ ተዋስእቲ ዝነበሩ ተጋደልቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራን ሱዳንን ዝነበሩ ብምኽሳብ፡ ኣብ ያማን ርእሲ ከተማ ናይ ጆርዳን ኣምነል ዓማ ብዝብል ስያመ ነብሱ ብምስያም፡ ነቲ 1970 ዓ-መ-ፈ. ምፍልላዩ ሰውራ ኤርትራ ሃንደሰ።

ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝተጋህደ ምንጽጻላት ኣብ መብዛሕትኡ ኣረዳድኣ ኤርትራውያን ይኹኑ ውጻእተኛታት፡ ኣብ መንጎ እስላምን ክርስትያንን፡ ኣብ መንጎ ደቂ ከበሳን ደቂ ቆላን ዝኾነ ኣምሲሎም ዝገልጽዎ ቑጽሮም ውሑድ ኣይኮነን፡ ዋላውን ብኸምኡ ክገልጽዎ እንተፈትኑ ሓቀኛ መግለጺ ኣይነበረን ኣይኮነንውን። ምኽንያቱ እቲ ታሪኽውን ክውንነታዊ ሓቂ ኣይነበረን፡ እቲ ቀንዲ ሕምረት ናይቲ ግርጭታት ኣብ መንጎ ደቂ ምብራቓዊ ቆላታትን ምዕራባዊ ቆላታትን፡ ማለት ኣብ መንጎ (ዑስማን ሳልሕ ሳበን) ኣብ መንጎ (ኢድሪስ ኣደምን) ጭፍራታቶምን እዩ ዝተኻየደ። ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ሓያላን ደርባዊ መበቆሎም መሳፍንቲ ደርባዊ ቦቶኦም ንኡሳን ብርጅዋ፡ ነቲ ግርጭታት ውዕይን ዝሑልን ፖለቲካዊን ጎንጻውን ቃልስታት ደቂ ከበሳ ከም መሳርሕን ቀዳሞት ግዳያትን ከም ዝነበሩ ግን ዝዝንጋዕ ታሪኻዊ ክውንነት ኣይኮነን።ኣብ ሜዳ ኤርትራን ላዕለዋይ ባይቶ መሪሕነቱን ዝካየድ ዝነበረ ግርጭታት፡ ካብ ደቂ ምዕራባዊን ደቂ ምብራቓዊን ቆላታት ሰጊሩ፡ ኣብ መንጎ ደቂ ምዕራባዊ ቆላታት ግርጭታት ሕድሕዳዊ ተናኻኸሰ። ሰውራ ኤርትራ ኣብ ከቢድ ምፍንጫላት ድማ በጽሔ። ቅያደል ዓማ ኣባላት መሪሕነት ክትኣስር ምስ ጀመረት፡ ንገለ ዲሞክራሲያውያን ባእታታት ውን ናይ ቃልሲ ፖለቲካዊ መድረኾም ከተጸብብን ክትቀትልን ኣብ ዝጀመረትሉ እዋናት፡ እቲ ብዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝምራሕ ዝነበረ፡ ኣብ ሜዳ ወታሃደራዊ ሓርነታዊ ክንፊ፡ ኣንጻር ስጉምትታት ቅይደል ዓማ ናይ ተቓውምኡ መግለጺ ብምውሳድ፡ ገሊኡ ንሱዳን ገሊኡ ከኣ ንስዑዲ ዓረብን ንየመን ዝተረፈ ድማ ኣብ ሜዳ ኣብቲ ተመዲቡ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ዞባ ሓኪሉ ድሕሪ ምዕጽናሕ፡ ተፈልዩ ቃልሱ ክቕጽል ስለ ዝወሰነ፡ ኣብ መዓስከር ዕሸራ (የመን) ዝተኣኻኸቡ (76) ተጋደልቲ ባሕሪ ሰንጢቖም ንደንከል ኣተው። ቀዳማይ ዋዕላኦም (ብ13 ማዝያ 1970 ዓ-መ-ፈ.) ኣብ ስድሓ ዔላ ብምክያድ፡ መጸውዒ ስሞም ህዝባዊ ሓይልታት ሓርንት ኤርትራ ከም ዝኾነን፡ ሓሙሽተ ኣባላት መሪሕነት ማለት 1) መሓመድ ዓሊ ዑማሮ. 2) መሓመድ ዑመር ዓ ብደላ. 3) ዓሊ መሓመድ ዑስማን. 4) መስፉን ሓጎስ. 5) መሓሪ ደበሳይ. ኮታ ክልተ ደቂ ከበሳን ሰለስተ ደቂ ምብራቓውን ምዕራባዊን ቆላታት መዘዘ። ኣንጻር ቀዳማይ መግዛእትን ውሽጣዊ ምድሕርሓር ቀያደል ዓ ማ ከም ዝቃለሰን ንዑስማን ሳልሕ ሳበን ወልድኣብ ወልደማሪያምን ከም ወነንትን ወከልትን ዘይኮኑስ፡ ከም መሳርሕቲ ከም ዝተቐበሎም ብወግዒ ኣጽደቐን ኣወጀን።

እዚ ሓይሊ እዚ ካብ ምፍልላይ ኢሉ ዝእምት ክሳብዚ ደረጃ በጺሕዎ ዘሎ፡ ብዑስማን ሳልሐ ሳበ ዘድለዮ (ፋይናንሳዊን ሎጂስቲካዊን) ቀረባት እዩ ዝምወል ዝነበረ።

ስለዚ እዚ ሓይሊ እዚ ውጽኢት ናይቲ ኣብ ላዕለዋይ ባይቶ ዝተኻየደ ግርጭታት ቃልስታትን፡ ኣብ መንጎ ደቂ ምብራቓውያንን ምዕራባውያንን ቆላታት እዩ ዝነበረ። ጎድኒ ንጎድኒ እዚ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝኸይድ

ዝነበረ ምዕባሌታት፡ ንደቂ ከበሳ እውን ጸለወ። እቶም ኣብ ኣከለጉዛይ ዝነበሩ ውሑዳት ደቂ ከበሳ፧ ብኣብርሃም ተወልደ ዝምርሑ እውን ኣብ ዝነበርዎ ቦታ ሓከሉ፡ ብ23 ወርሒ ኣርባዕተ 1970 ዓ-መ-ፈ. ከም ኣባል ቅያዳል ዓማ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ተሓወሶም።

ኢሳያስ እቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ምፍልላይ ኵነታት ዛጊት ኣብ ሱዳን ኣብ ዝነበረሉ ፈሊጥዎ ስለ ዝነበረ፡ ብወገኑ እውን ንደቂ ከበሳ ዝውክል ሓይሊ ክፈጥር ተበገሰ፡ ምስቶም 11 ተጋደልቲ ኣብ ኣብ ኣከለጉዛይ ዝነበሩ ብምጽንባር (ንሕናን ዕላማናን) ትብል ማኒፈስቶ ብምጽሓፍ፡ ነቲ ባዕሉ (ሰልፊ ናጽነት) ኢሉ ዝሰየሞ ጉጅለ ንምዕባይ፡ ምስ ኣቐዲሞም መማህርቱን መታዓብይቱን ዝነበሩ፡ ኣብ ኣስመራ ኣዲስ ኣበባ ኤውሮጳ ሰሜን ኣመሪካን ብደብዳቤታት ክራኽብን ንደቂ ከበሳ ዝውክል መስቀላዊ ውደብ ኣንጻር ጀሃድ ውድብ ይንቃሳቐስ ከም ዘሎ ኣፍለጠ። ኣብ ውሽጢ ኣዲስ ኣበባ ዩንቨርሲተ ጥሕሻ ዝስማ ፖለቲካዊ ውድብ ንሰልፊ ናጽነት እትድግፍ እውን ከም እትምስረት ገበረ። እቲ ኣቐዲሙ ብጽሞና ንሰውራ ኤርትራ ኵነታት ምግምማዑ ዝካታተል ዝነበረ፡ ሃጸይ ሃይለስላሴ ንማእከላይ ስለላ ምርበብ ኣመሪካ (ሲ ኣይ ኤይ ) ነቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ኵነታት ብምምዝማዝ፡ ንሰውራ ኤርትራን ህዝባን ካብ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ንምብካሉ፡ ሓድሽ ፖለቲካዊ ውጥን ሰላም ብምስኣን፡ ዛጊት ካብ 1969 ዓ-መ-ፈ. ክሰርሓሉ ተናጣጠፈ፡ ብ17 ጥቅምቲ 1969 ዓ-መ-ፈ. ብደግያት ገብረዮውሃንስ ተስፋማርያም እትምራሕ ሽማግለ ኣቐዲሙ፡ ንመጀምርያ ግዜ ብደብዳቤ ምስ ኣብርሃም ተወልደ ተራኸበት፡ ኣብርሃም ተወልደን ጉጅልኡን ድልውንቶም ስለ ዝገልጹ፡ ንክልተ ግዜ ታሕሳስ ዕለት 7ን ዕለት 14ን 1969 ዓ-መ-ፈ. ኣብ ዓላ ተዛተዩ።

ኣብዚ ዘተ ዝተሳተፉ ናይ ክልቲኦም ወገናት ብወገን ኢትዮጵያ፡

1) ደግያት ገብረዮውሃንስ ተስፋማርያም
2) ደግያት ገብረኪዳን ተሰማ
3) ግራዝማች ተሳፋሚካኤል ጆርጆ
4) ሌ/ኮረኔል ገብረዝጊኣቢሄር መሓረና፡

ብወገን ተጋደልቲ

1) ኣብርሃም ተወልደ
2) ሃብተስላሴ ገብረመድህድን
3) ወልደሚካኤል ሃይለ
4) ተውልደ ኢዮብ
5) ሰለሙን ወልደማሪያም
6) ኣስመሮም ገብረዝግኣቢሔር
7) በርኺ ንጉሰ
8) ሃይለ ጀብሃ
9) ተስፋይ ይትባረኽ ነበሩ።

ኣብዚ ክልተ ዝተኻየደ ርክባት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሱዳን ስለ ዝነበረ ብኣካል ኣይተሳቶፎን ድሕሪ 23 ሚያዝያ 1970 ዓ-መ-ፈ. ናብዚ ጉጅለ ምጽንባሩ ግን ዕላዊ መዝነት ቅያደል ዓማ ስለ ዝነበሮ ነቲ ዝካየድ ርክባት ባዕሉ ከካይዶ ወሰነ። ኣብ መንጎ እታ ሽማግለ ኢትዮጵያን ኣብ መንጎ ልዑል ኣስራተ ካሳን ናይ ዕ ላማ ፍልልያት ስለ ዝተጋህደን ዕውት ስለ ዘይነበረን ነቲ ጉዳይ ብደረጃ ልዑል ኣስራተ ካሳን ማእከላይ ስለያ መርበብ ኣመሪካን ከም ዝትሓዝ ኮነ።

ኣመሪካውያን ምስቲ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝኸይድ ዝነበረ ኵናት፡ ኣብ መንጎ ኢስራኤልን ኣዕራብን ተ-ሓ-ኤ ምስ ገድሊ ፍልስጠማውያን ርክብ ስለዝነበሮን ከምእውን (ብላክ ሰፐተምበር) ብዝብል ስም ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ፈዳኢን ኣብቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ትካላት ኣመሪካ ኣብ ግምት ብምእታውን፡ በቲ ሓደ ሸኻኽ ከኣ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓለምን ዝካየድ ዝነበረ ዝሑል ኵናት ኣብ መንጎ ምዕራባውያንን ሕብረት ሶቬትን ካልኣይ ሸነኽ ኣብ ግምት ብምእታው ብዓቢኡ ኣብ ኤርትራ ዝነበሮም ወተሃደራውን ፖለቲካውን ምጣኔ ሃብታዊን ስትራጂካውን ረባሓታት ውሕስነት ንኽህልዎ ንምርግጋጽ ንሰውራ ኤርትራ ካብ መሳርሒ ኣዕራብን ሕቑፎ እስላማውነትን ኣናጊፍካ ንረብሕኦም ዝግልገልሉ ኣፍደገን ምዕባሌን ብጋህዲ ስለ ዝገምገምዎ ነዚ ጉጅለ ደቂ ከበሳን ክርስትያናዊ ዝእምነቱ ንመሳሪሕኦም ንኽቕይርዎ ተጓየዩ። ድሮ ኣብቲ ክልተ ርክባት ኣባል ስለላ መርበብ ኣመሪካ ዝነበረ ግራዝማች ተስፋሚካኤል ጆርጆ ወረዳ ኣማሓዳሪ ደቀምሓረ ዝነበረ እኹል ጸብጻባትን ሓብሬታትን ሂብዎም ስለ ዝነበሩ ንቐጻሊ ኣበርቲዑ ክሰርሓሉ መምርሒታትን ሓበሬታትን ሃብዎ። ተስፋሚካኤል ጆርጆ ምስ ሃብተስላሴ ገብረምድህን ጽብቕ ዝምድናታት ድሕሪ ምምስራቱን ሃብተስላሴ ገብረመድህን ናብ ኣዲስ ኣበባን ሜዳን ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ዝነበረ ዝተፋላለየ ደገፈታት ብምሃብ ደጋፊኦም ከም ዝኾነ ስለ ዝኣመንዎ ናብቲ ጉጅለ ዓላ ክሰልኾን ተልእኾኡ ክትርጉምን ጸገም ኣይኮኖን። ተስፋሚካኤል ገብረመድህን ንመጀምሪያ ግዜ ብመንጎኛነት ተስፋሚካኤል ጆርጆ ብ24 ግንቦት 1970 ዓ-መ-ፈ. ንኢሳያስን ነታ ጉጅለን ወኪሉ ኣስመራ ኣትዩ ምስ ኣባል ማእከላይ ስለላ መርበብ ኣመሪካ ዝነበረ (ርቻርድ ኮፐላንድ) ተራኸበ ቀጺሉውን ብዕለት 11 ሰነ 1970 ዓ-መ-ፈ. ምስ ኣባላት ስለላ መርበብ ኣመሪካ ናይ ሬድዮ ማሪናዮ በዓል መዚ ዝነበረ ምስ ሪቻርድ ስዋልስን ሪቻርድ ኮፐላንድ ኣብ ደቀምሓረ ተራኸበ። ሃብተስላሴ ገብረመድህን ቀንዲ ቀለቤት መርኸቢ (ሲ ኣይ ኤይ) ጉጅለ ዓላን ካብ ሙኺን ሓሊፉ ርክባት ክሰርዕን (ብሲ

ኣይ ኤይ) ክሕገዙ ክጽዕር ጀመረ። ብወገን ሽማምንቲ (ሲ ኣይ ኤይ) ንሃብተስላሴ ገብረመድህን ብዙሕ ግምት ኣየንበርሉን ምኽንያቱ ውግዓዊ ሓልፍነት ስለ ዘይነበሮ እዩ። ስለዚ ምስ ሓላፍነቱ ኣባል ቅያደል ዓማ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ክራኸቦም ሓተትዎ። ብዕለት 2 ሓምለ 1970 ዓ-መ-ፈ. ኢሳያስ ኣፈወርቂ ምስ ተስፋሚካኤል ጆርጆ ናብ ኣስመራ ብምእታው ኣብ (ሳን ፍራንቸስኮ) ከባቢ (ኣልፋ ሮመዮ) ምስ ሚስተር ቦውሊንግ ሄነሪን፣ ርቻርድ ኮፕላንድን፣ ሂው ሪቻርድ ወልስን ዝባሃሉ ኣባላት (ሲ ኣይ ኤይ) ተራኸበ። ኣብቲ ርክባት ኣብዚ ዝስዕብ መሳማምዒ ነጥብታት በጽሑ።

1) ነቲ ሓይሊ ክርስትያን ደቂ ከበሳ ንኽጐብዝ ዘድልዮ ሎጂካዊ ቀረባት ካብ (ሲ ኣይ ኤይ) ክምወል።
2) እዚ ሓይሊ እዚ ን ተ-ሓ-ኤ ክቃወምን ከጽንትን ክጽዕት።
3) ኣንጻር ዴስነትን ጽልውኡን ከጥፍእ ክቃለስ።
4) ካብ ሕቝፊን ሓገዝን ኣዕራብን ምብራቓዊ (ዴሳዊ ዓለም) ክርሕቕ ከም ዘለዎ።

ብወገን ኢሳያስ ኣፈወርቂ ህጹጽ ጠለብ ኣጽዋር መካሻኸሊ ነብስና የድልየና ስለ ዘሎ ክዋሃበና ኣለዎ ቀዳምነት ዝብል ጠለብ ስለ ዝነበሮ ብኸመይ መንገዲ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከም ትረኽቡ ክንገብር ኢና ዝብል መልሲ ተዋሂቡዎ ንዕላኡ ተመለሰ። ኢሳያስ ንዓላ ምስ ተመለሰ ብዕሊ ካብ ተ-ሓ-ኤ ክንፍል ኣሎና በለ፣ ኣብርሃም ተወልደ ድማ ብኸቢድ ተቓወመ፣ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ኣብ መንጎ ክሊቲኦም ክትዕ ብዕለት 17 ግንቦት 1970 ዓ-መ-ፈ. ኣብርሃም ተውልደ ብሃንደበታዊ ዘይተፈለጠ ናይ ሓጺር ስዓታት ሕማም ሞተ።

(ይኹን እምበር ተማሳሳላይ ታሪኽ ዝትንትኖ እምነትን ድሌትን ኣብርሃም ተወልደ ቀድማይ ምስታ ብኢትዮጵያ ትልኣኽ ዝነበርት ጕጅለ ርክባት ክቋረጽ ካልኣይ ነቲ ኣመንጎ እተን ጕጅለትታ ዝነበረ ዘይምርድድእ ብጉባኤ መልክዕ መፍትሒ ክርከበሉ ዝብል ርእይቶ ምስ ኢሳያስ ስለ ዘጋርጨዎም ነዊሕ ከይጸነሔ ብመርዚ ተቐቲሉ ዝብሃል ጽንጽንታ ይስማዕ)።

ሰልፊ ነጻነት ብግስ ከይበለ ካብ መጻወዲያታት (ሲ ኣይ ኤይ) ክምልጥ ኣይካኣለን። ሰልፊ ነጻነት ኣብላቱ ካብ 15 ዘይበዝሑ ስለ ዝነበሩ ነዞም ውሑዳት ተጋደልቲ ድሃዮም ንምፍላጥ በብግዚኡ ዝላኣኹ ከይተመልሱ ይተርፉ ስለ ዝነበሩ ቍጽሮም ማዓልታዊ ይውሰኽ ነበረ። ካብ መሓከሊ ቦቶኦም በዓትታት ዓላ ሓዲጎም ብዕ ለት 15 ሕዳር 1970 ዓ-መ-ፈ. ንደንካልያ ገጽ ሰጕሙ። ብ29 ሕዳር 1970 ዓ-መ-ፈ. ኣብ (ኣዶብሓ) ሰሜን ደንካልያ ብዑስማን ሳልሕ ሳበን ብኢሳያስ ኣፈወርቅን ዝምርሓ ጕጅለታት ተራኸባ። ኣብ ክልተ መስረታውያን ሮቓሒታት ኣብ መንጎ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራን ኣብ መንጎ ሰልፊ ነጻነትን ናይ ሓባር ኣራኣእያ ስለ ዝተረዳድኡ ድማ ብሓባር ክሰርሑ ወሰኑ።

እተን ረቛሒታት ከምዚ ዝስዕባ እየን።

1) ኣንጻር መግዛእትን ቅያደል ዓማን ምቅላስ።
2) ካብ ተ-ሓ-ኤ ምፍንጫልን መተካእታ ውድብ ምምስራትን።

ብ24 ነሃሰ 1971 ዓ-መ-ፈ. ኣብ ተኽሊ ሓበራዊ ኣኼባ ኣቃኒዮም ናይ ሓባር ፖለቲካዊ ውሳኔታት ጽሑፍ ኣውጽኡ። ኣስማቶም ድማ (ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ቀዳማይ ወገንን ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ካልኣይ ወገን ማለት ሰልፊ ነጻነትን ተባሂሎም ክጽውዑን ናይ ሓባር ውድባዊ ክታም መራሒ ስልጣን ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ተባሂሉ ክጥማዕ ወሰኑ።

ብኣንጻር እዚ ጕዕዞ ምፍንጫል ኣብ ውሽጢ ተ-ሓ-ኤ ኣብ መንጎ ደቂ ባርካን ጋሽን ሰቲትን ግርጭታት ይባላሕ ስለ ዝነበረ መሰረቱ ካብ ቀቢላታት (ብንዓምር) ዝፈልፈላ ኣንጻር ላዕለዋይ ባይቶ ቅያደል ዓማ ኣንፍታት ምዕብልና ሰውራ ኢርትራ ብምጽባእ ከም ኣንጻር ዓረብን እስላምናን ከም ዝኾኑ ከም ደሞክራሲያውያን መተካእታ ንነብሶምን ምንቅስቓሶምን ብምውሳድን ብምጥማቕን ህ-ሓ-ሓ-ኤ መደባዊ መልክዑን ህላወኡን ዓቂቡ ክድንፍዕ ኣብ ዝተዓዘብሉ ወቕቲ ነዚ ምንቅስቓስ ከም ናቶም ደጋፊ ሓይልን ውጽኢት ዘካየድዎ ቃልሲ ምዃኑ ንምርግጋጽን ንምኽሳብን ብግንቦት 1971 ዓ-መ-ፈ. ኣብ ሩባ ዑበል ኣኼባ ብምክያድ ስሞም (ህዝባዊ ሓይልታት ዑበላውያን) ተባሂሉ
ክጽዋዕን 13 ዝኣባላታ መሪሕነት ብምምዛዝ ኣንጻር ቅያደል ዓማ ምዃኖም ብምግላጽ ኣወጁ።

ኣብ ሴነ 1971 ዓ-መ-ፈ. ነዚ ሰለስቲኡ ሓይልታት ኣንጻር ቅያደል ዓማ ኣብ (እምባሃራ) ንስምረት ዘቃራርቦም ኣኼባ ብምክያድ ሓበራዊ መግለጺ ኣውጽኡ። እቲ ብዋዕላ መዓስከር ዓወተ ዝፍለጥ ካብ 26 የካቲት ክሳብ 13 መጋቢት 1971 ዓ-መ-ፈ. ዝተቓንዔ ኣኼባ ተ-ሓ-ኤ ነቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ተኸሲቱ ዘሎ ምፍንጫላት ኣመልኪቱ ሃገራዊ ጕባኤ ንኻካየድ ኣስናዳኢት ሽማግለን ነቲ ናይ ምፍንጫላት ጕዳይ እትምርምርን ተቃራርብን ሽማግለ ብዶክቶር ፍጹም ገብረስላሴን ኢብራሂም መሓመድ ዓሊን ተስፋይ ተኽልዝግን ካልኦት ኣባላት ናይታ ኮማቴ ዘይነበሩ ኢብራሂም ገደም (ኣቡ ሓየት) ኣማንኤል ገብረሱስ እውን ከም ሃገራዊ ግቡኦም ብምውሳድ ጸዓርሉ። ብምልኡ እቲ ተፈንጪሉ ዝነበረ ንቐዳማይ ሃገራዊ ጕባኤ ተ-ሓ-ኤ ተሳቲፉ ጸገማቱን ጸገም ውድባትን ክፈትሕ
ተዓዲሙ ክነሱ ከይተሳተፈን ከይመጸን ተረፈ።

**ይቕጽል......... (2ይ ክፋል 28.03.04)**

(*መአረምታ ኣብ ቀዳማይ ጽሑፍ ካልኣይ ገጽ ተስፋሚክኤል ገብረመድህን ዝብል ሃብተስላሴ ገብረመድህ ንክትካእ*)

*ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ካብ ጥቅምቲ ክሳብ ሕዳር 1971 ኣብ ኣውራጃ ሳሕል ተኻየደ። ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ብቅርጺ ሃገራዊ ብትሕዝትኡ ደሞክራስያዊ መደብ ዕዮ ውድብን ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ ናይ ሓባር መሪሕነት እኳ እንተመረጸ ቀንዲ ቦታታት ውድባዊ ስልጣን በቲ ሕልፍ የማናዊ ክንፊ ስለ ዝተባሓተ ኣብ ጉብኤኡ ዘጽደቖ ውሳኔታት ውን ክሰርሓሉ ኣይከኣለን። ንኣብነት ካብ ውሳኔታቱ ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮኡ ከምዚ ይብል፣ ንኻልኣዊ ግርጭታት ብመገዲ ዘተ ምፍታሕ ዝብል ነይሩ። ሓድሽ መሪሕነት ተ-ሓ-ኤ ሰውራዊ ባይቶ ውሑዳት ሰውራውያን ደሞክራሲያውያንን ማርክሳዊ ባእታት እኳ እንተነበርዋ መሰረት ታሕትዎት ሓፋሽ ስለ ዘይነበሮ ኣድማዒ እይነበረን።*

*ኣብ ጥሪ 1972 ዓ-መ-ፈ. ህ-ሓ-ሓ-ኤ ቀድማይ ወገን ህ-ሓ-ሓ-ኤ ካላይ ወገን ሓ-ሓ-ኤ ዑበላውያን ዝጠመረ መስራቲ ዋዕላ ኣብ መንጎ ሰለስትኡ ጉጅለታት ኣምናል ዓማ ኣብ በይሩት (ሊባኖስ) ተኻየደ፣ ብሓባር ክሰርሓን ናይ ሓባር ወጻኢ ጉዳያት ልኡኽ ናተን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ምኳኑ ብወግዒ ምስተነጸረ፣ ተ-ሓ-ኤ ሰውራዊ ባይቶ ከም ተፈንጨልቲ ጸረ ሰውራ ብምሹናን፣ ነቲ ኣብ ጉባኤኡ ዘጽደቖ ውሳኔ ብምጥሓስ ብየካቲት 1972 ዓ-መ-ፈ. ነቲ ብዑስማን ዓጂብ ኣብ ከባቢ በዓል ተክረረት ዝነበረ ሓ-ሓ-ኤ ዑበላውያን ብወትሃደራዊ ሓይሊ ጨፍለቐቶ፣ ቀጺላ ነቲ ብኡቡ ሰለብ ዝምራሓ ኣብ ከባቢ በዓል መንሱራ ዝነበራ ጋንታት ሓ-ሓ-ኤ ዑበላውያን እውን ተዘበጣ፣ ኵናት ሕድሕድ ብወግዒ ካብዚ ውቕቲ እዚ ብተ-ሓ-ኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ጉጅለታት ተመረ።*

*ቀጺላ ኣብ መጋቢ 1972 ዓ-መ-ፈ. ንህ-ሓ-ሓ-ኤ ቀዳማይ ውግእ ኣብ ዒን ክጭፍልቓ ፈተነት፣ ህ-ሓ-ሓ-ኤ ካልኣይ ወገን እውን ተጸንበሮ፣ ካብዚ እዋን እዚ ሚሩ ስለላ ነጻነት ኣብ ዓይኒ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ዑበላውያንን ሰምሃራውያንን ዘይፍለ ምኳኑ ገምገምዎ ንምጥፎኦም እውን ብዙሕ ኵናት ተገበረሉ። ኣብ ኵናት ገረግር ሱዳን,ዓይለት,ግህተብ,ገርግር ኣስመራ,ፋሕ,ቀብርውኣት ወ-ዘ-ተ. ብኣልማም ንኹሎም ማለት ንሰለስቲኦም ጉጅለታት ክሃርምዎምን ከጽንትዎምን መሩ። ሰለስትኡ ጉጅለታት ናይ ሓባር ጸላኢ ስለ ዘጥረየ ኣብ መመርታ 1973 ኣኼባ ግህተብ ብምክያድ ፍልልያቶም ናብ ዝጸበበ ደረጃ ዝበጽሓሉ ገበሩ፣ ኣብ 1974 ዓ-መ-ፈ. ድማ ሓንቲ ውድብ ማልት ህ-ሓ-ሓ-ኤ ኰነት።*

*እዞም ውሕዱት ተበለጽቲ ክሳብ ሕጂ ውን ንህዝቢ ኤርትራ ኣሽካዕላል ዝጻወትሉ ዘለው ንሓይሊ ጉልበት ሰውራ ኤርትራ ንውልቃዊ ፖለቲካዊ ረብሓታቶም ንምቕያርን ሓድነት ሕዝቢ ኤርትራ ንምልሕላሕን ከም ቀንዲ ዕማሞም ስለ ዝተተሓሓዝዎ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ነሕድሕድ ምንጽጻግ ዘይምጽውዋር ዘይምክብባር ዘይምትእምማን ነቲ ናይ ፖለቲካዊ ስልጣን መን ዓብለለ ውድድራት ከም ናይ ደቂ ከበሳን ቆላታትን ግርጭታት ኣምሲልካ ምግላጽን ምቅላስን ተጋህደ። ድሕሪ 1975 ዓ-መ-ፈ. ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዘይውንና ህ-ሓ-ሓ-ኤ እድሪስ ኣደም ዘይውንና ተ-ሓ-ኤ ክልተ ዝተማማጠነ ሓይሊ ዘለወን ሃገራውያን ውድባት ህላዌ ተራጋገጸ። ብኣንጻሩ ስርዓት ሃይለስላሴ ወዲቑ ኢትዮጵያ ብወትሃደራውያን ምኹናናት ኣንፈታ ናበይ ምኳኑ ዘይትፍለጥ ሃገር ኰነት።*

*ኵናት ሕድሕድ እውን ኣብ ገለ ገለ ቦታታት ከብሳ ክካየድ ምስ ተራእየ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነትን ስምረትን ክልቲኡ ውድባት ክረጋገጽ ጠለበን ደፋኣሉን፣ ነዚ ድሌት ህዝቢ ዝተገንዘቡ የማናውያን ህላዊኦም ንምርግጋጽ ኣብ ባቕዳድ (ዒራቕ) 1/8/1975 ዓ-መ-ፈ. ኣብ መንጎ ዑስማን ሳልሕ ሳበን ኣብ መንጎ ወከልቲ ፈጻሚት ሽማግለ ተ-ሓ-ኤ ስውራዊ ባይቶን ርክባት ተኻየደ።*

*ቀጺሎም ብ12/8/1975 ኣብ በይሩት (ሊባኖስ) ርክባት ተኻየደ ኣብ መጨረሻ ድማ 1/9/1975 ዓ-መ-ፈ. ኣብ ካርቱም (ሱዳን) ብምርኻብ ናይ መጨረሻ ንስምረት ስምምዕ ክውስኑ ተራዳድኡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንመሪሕነት ህ-ሓ-ሓ-ኤ ወኪሉ እዩ ዝዝቲ ዝነበረ፣ መሪሕነት ህ-ሓ-ሓ-ኤ ግን ነቲ ብዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝካየድ ዝነበረ ርክባት ኣይተቐበልዎን ምኽንያቱ? 1) መሪሕነት ህ-ሓ-ሓ-ኤ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ ተመሪጹ ዝመጸ መሪሕነት ስለ ዘይነበረ ኣብቲ ዝግበር ናይ ስምረትን ምትሕንፋጽን መድረኽ መጽኢ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ብንጹር ክረኣዮ ስለ ዘይካኣለ፣ 2) ኣብ ውሽጢ ውድብ ህ-ሓ-ሓ-ኤ ጌና ኣብ መስርሕ ዝነበሩ ዝተፋላለዩ ፖለቲካዊ ዝንባሌታትን ግርጭታትን ምድማይን ስለዝነበሩ፣ 3) መሪሕነት ህ-ሓ-ሓ-ኤ ኣቐዲሞም ዝፈጸምዎም ገበናት ኣብ ወቕቲ ምሉእ ስምረት ከሕትቶም ምኳኑ ስለዝፈልጡ፣ 4) ብዓቢኡ እቲ ውድብ መሳርሒ (ሲ ኣይ ኤይ) ስለ ዝነበረን ንተ-ሓ-ኤ ከም ዓብላሊ ናይ ዓረብ ጽልዋ ዘለዎ ውድብ ጌሩ ንምዕራባውያን ዓለም የረዱኦም ስለ ዝነበረ።*

*ነዚ ንምርግጋጽ መሪሕነት ህ-ሓ-ሓ-ኤ ኣብ ፍጹም ስምረትን ምትሕንፋጽ ሰራዊት ክልቲኡ ውድባት እንተ ተፈጢሩ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ኣብ ሓደጋ ከም ዝቃላዕ ስለ ዝፈለጠ ምስ ተ-ሓ-ኤ ናይ መስመር ፍልልያት ስለ ዘለና መበሊኡ ክገልጽ እንክሎ ውድብ ህ-ሓ-ሓ-ኤ ከም ማርክሳዊ (ጸጋማዊ)፣ ውድብ ተ-ሓ-ኤ ድማ ከም ሃገራዊ ብርጅዋዊ (የማናዊ) ብምኳኑ ብምግላጽ ንናይ ሓባር ጸላኢ ንምህራም ብመገዲ ስሙር ግንባር*

ምስራሕ እቲ እንኮ ዘዋጽእን ኣማራጽን መንገዲ ስምረት ምዃኑ ይገልጽ ነይሩ፡ እዚ ኣበሃህላ እዚ ፍጹም ሓሶት ብጭቡጥ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝነበረ ተመክሮ ኣይኮነን።

ክልቲኡ ውድባት ሕሉፍ የማናዊ ክንፍታት ዝነበረ ኣብ ክልቲኡ ውድባት እውን ምትእትታው ኣእዳው ናይ ወጻኢ ሃገራት ዝነቦሮን ኣብ ውሽጡ ብሃይማኖት ብሔራት ቀቢላታት ኣውራጃታት እንዳተዳመየን እንዳተዓ ባለለን ዝኸይድ ዝነበረ ንቕሎ ቃልሱ ከምኡ ዝሕምረቱ እዩ። ኣብ ውሽጢ ክልቲኡ ውድባት ጸጋማዊ ስውራውያንን ደሞክራሲያዊያንን ሱር ነቀላውያንን ዝምባሌታት ዝነበሮም ተጋደልቲ ከምዝነብሩ ዘጣራጥር ጉዳይ ኣይኮነን፡ ፖለቲካዊ ኣንፈት እቲ ውድባት ከቃናንዕ ዘኽእል ፖለቲካዊ ስልጣንን ዓቕምታትን ግን ንሓንቲ ካልኢታውን ትኣክል ወኒኖም ኣፈልጡን እዮም።

እቲ የማናዊን ዝለዓለ ፖለቲካዊ መድረኽ ጨቢጡ ዝመርሕ ዝነበረ ኣብ ውሽጢ እዚ ክልቲኡ ውድባት ምስጢራዊ ፖለቲካዊ ሰልፍታት መስሪቱ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ኘኸራጋግጽ ዝቃለስ ዝነበረ መሪሕነታት ከም ዝነበረ ውን ዘካትዕ ታሪኽ ኣይኮነን። እዚ ናይ ፖለቲካዊ ስልጣን ሕቶ እዚ ከም መቐጸልታ ሕድሕድ ኲናት ዑስማን ሳልሕ ሳበን እድሪስ ኣደምን ዳግመ ኣብ መንጎ ኢሳያስ ኣፈወርቅን ዓብደላ ኢድሪስን ካብ 1975 ክሳብ 1981 ዓ-መ-ፈ. ተኻየደ። ከም መቐጸልታ ኣኼባ ሰሜናዊ ባሕሪ ህ-ሓ-ሓ-ኤ፡ መሪሕነት ንሱዳን ብምእታው ካብ ዕለት 18 ክሳብ 23 መጋቢት 1976 ዓ-መ-ፈ. ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብምርኻብ ዘለዎም ዝምድናታት ርክባትን ከም እተቛረጸ ድሕሪ ምእዋጅ ንሜዳ ተመለሱ። እቲ ብኢሳያስ ዝምራሕ ሓይሊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተባሃለ እቲ ብዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝምራሕ ድማ እቲ ናይ መመርታ ስሙ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ህ-ሓ-ሓ-ኤ ነበረ።

ጉዳይ ስምረት ህዝባዊ ድፍኢትን ጸቕጥን ስለ ዝነበረ፡ ህዝቢ ኤርትራ ህዝባዊት ሽማግለ ስምረት ብምውካል ንኽልቲኡ ውድባት ኣብ ሜዳ ኤርትራ ከቃራርብን ክዝትን ተበገሰ፡ ህዝባዊት ሽማግለ ስምረት ብ28 መጋቢት 1976 ዓ-መ-ፈ. ኣብ መቐርካ ብ5 ሰነ 1976 ዓ-መ-ፈ. ኣብ ዓዲ ገብራይ፡ ብ31 ሓምለ 1976 ዓ-መ-ፈ. ኣብ ዓዲ ፈለስ 1 ጥቅምቲ 1976 ዓ-መ-ፈ. ኣብ ዓላ ቀጺሉ ኣብ ዓሸራ፡ ደራቡሽን ደንደንን ኣብ መምርታ 1977 ዓ-መ-ፈ. ኣካየደት።

ድፍኢትን ጸቕጥን ህዝባዊ ሽማግለ ስምረት ኤርትራ ንምሪሕነታት ተ-ሓ-ኤን ህ-ግ-ሓ-ኤ ተጽዕኖ ስለ ዝገበርሉ፡ ካብ 6-16 መጋቢት 1977 ዓ-መ-ፈ. ኣብ ካርቱም (ሱዳን)፡ ቀጺሉ ካብ 22 ክሳብ ከባቢ መጨርሻ ውርሒ ሚያዝያ 1977 ዓ-መ-ፈ. ኣብ ሓጋዝ፡ ካብ 23-25 ሰነ 1977 ዓ-መ-ፈ. ኣብ ሃውሸት ድሕሪ ምዝታዩ ብ20 ጥቅምቲ 1977 ዓ-መ-ፈ. ኣብ ከረን ተርኺቦም ናይ ሓባር ሽማግለ መዘዘ።

ዝገርም ነገር እንተሃልዩ ኣብ ዝበዝሕ ነጥብታት ተሳማሚዖም ክንሶም ኣብ መጸውዒ ስም ናይቲ ዝተኻየደ ስምምዕ፡ ተ-ሓ-ኤ መድረኻዊ ልፍንቲ ኢና እንሰምዮ ክትብል እንከላ ህ-ግ-ሓ-ኤ ድማ ስሙር ግንባር ኢና እንብሎ ብምባል ንመፋላለዪ ተጠቕምሉ። ስለምንታይ? መሪሕነት ህ-ግ-ሓ-ኤ ስምረት ብመሰርሕ ስሙር ግንባር ክብል እንከሎ ምሪሕነት ተ-ሓ-ኤ ናይ ስትራተጂካዊ ሃገርዊ ነጻነት ፍልልይ ስለ ዘይብልና ምሉእ ስምረት ክንገብር ምኽንያቱ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ መገድታት ኣድላዩ ኣይኮነን ይብሉ ስለ ነብሩ፡ ተጋደልቲ ህ-ግ-ሓ-ኤ ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ድኣ እንታይ ፈላልዩና ዝብል ሕቶ ከልዕሉ ስለ ዝኾኑ ብዝብል ምስምስ ኣብ መጸውዒ ስም ኘኸይሳማምዑ ተስማሚዖም ዛዘሙ።

ብወገን ተ-ሓ-ኤ እውን እንተኾነ መገዲ ስምረት ብመስርሕ ስሙር ግንባር ልክዕ ከምቲ ኣብ መንጎ (ሻንጋ ሸክን ማዋ ጸቱግን) ዘጋጠመ ተመክሮ ኲናት ሕድሕድ ድሕሪ ቀዳማይ ግርጭት ምፍታሕና ናብኡ ኣንፈት ክውጥጠና ተኽእሎታት ስለ ዘለዎ ቅጽበታዊ ምትሕንፋጽ ክግበር ኣለዎ ዝብል ፖለቲካዊ ጉስጓሳት ክትዕን ኣልዒሎም ይንቃሳቐሱ ስለ ዝነበሩ፡ ዳግም ኣብቲ መሪሕነት ህ-ግ-ሓ-ኤ ኣልዒሉ ዝካታዓሉ ዝነበረ ስምረት ብመገዲ ስሙር ግንባር ዝብል ክርዕሙ ስለ ዘይመረጸን ዛጊት ምስቲ ሰውራ ኣብ ስደት ህ-ሓ-ሓ/ተ-ሓ-ኤ ኢሉ ኣዊጁ ዝነበረ ዑስማን ሳላሕ ሳበ ከም ሳልሳይ ህገርዊ ውድብ ስለ ዝተቐበልዎን ኣቓዲሞም ናይ ስምረት ስምምዕ ዘተ ምስኡ ዘትዮም ስለ ዝነበሩ ኣብ ፖለቲካዊ መጻወዲያ መሪሕነት ህ-ግ-ሓ-ኤ ክኣትው ዘይርብሖም ኰይኑ ስለ ዝተራእዮም እዮም።

መስርሕ ስምረት እናቐጸለ እንከሎ ሰውራ ኤርትራ ንቓፉራ,ናቕፋ,ኣፍዓበት,ከረን,ደቀምሓረ,ኣቑርደት,ተሰነይ,ዓሊ ግድር,ጕልጅ,ኡምሓር,ዓረዛ,መንደፈራ,ጊዳዕ,ነፋሲት,ማይ ሓባር,ደንጎሎን ፍርቂ ወደብ ምጽዋዕ ተቛጻጺሩ ንስርዓት ደርጊ ቍንቍል ኣፉ ክተኽሎ ኣብ ተቓራሪቡሉ ዝነበረ እዋናት፡ ክልትኡ ውድባት ኣብ ናይ ግዜ መዓደሚ ፖለቲካዊ ሰላማዊ ዘተ ፖለቲካዊ መጻወዲያ ምብራቓዊ ደምበ ዝዓደሞ ኣትዩ ሽንኮለል እንዳበለ እንከሎ፡ ስርዓ ት ደርጊ ዳግም ሓይሉ ወዲቡ ብሓገዝ ሕብረት ሶቭየትን ካልኦት ሃገራት ኣብ ማሕበርነታዊ ደንበ ዘተኻፈላን ሰነ 1978 ዓ-መ-ፈ. ጸረ መጥቃዕቲ ብምውሳድ እቲ ኩሉ ከተማታት ሓራ ዝነበረ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቍጽጻሩ ኣብ ዘእተወሉ እዋናት፡ ሰውራ ኤርትራ መዕቆቢ ዝኾኖ ደናት ኣም ምንዳይ ንገማግም ሱዳን ክጽጋዕ ተገደደ፡ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህ-ግ-ሓ-ኤ ካብ ሓራ ከተማታት ብስርዓት ደርጊ ተድፊኡ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ፍጹም ምክልኻል ምእታው ብኣወንታ ገምገመ።

ገምጋሙ ክገልጽ ከሎ ምስ ህላዌ ተ-ሓ-ኤ መን ካብ ሜዳ ወጸ ምትህልላኽ ኣብ ዳግመ ሓሸውየ ኲናቱ ሕድሕድ ምስ ትኣትወ ነይሩ፡ ሕጂ ግን ነቲ ኣብ መንጎና ተሪፉና ዘሎ ዕዮታት ክንውግንን ክንሰርሓሉን

ጸላኢ ዕድል ፈጢሩልና ኣሎ፡ ብምባል ከምዚ ዝቕጽል ሰሚናራት ንተጋደልቲህ-ግ-ሓ-ኤ ኣካየደ። ስርዓት ደርጊ ምሉእ ኣቓልብኡ ንህ-ግ-ሓ-ኤ ምድምሳስ ስለ ዝነበረ ብባሕሪ ብመርሳ ተኽላይን መርሳ ጕልብብን ብምእታው ንቀጣን ከምኡውን ንቑንዲ መደበር ታዕሊም ህ-ግ-ሓ-ኤ ዝነበረት ማይ ህሞት ብምቍጽጻር ነቲ ቀንዲ መስመር ምኅዓዓዚ ህ-ግ-ሓ-ኤ ካብ ቃሩራ ሱዳን ዝነበረ ዓጽዩ ተቋጻጸሮ።

ህ-ግ-ሓ-ኤ ብኅረርኡ ስለ ዝተሓንቀን ቀንዲ ደኑ ኣብ ግሮይቶ፡ፋሕ-ማይጨው፡ ቢልቓት-ዚሮ፡ደብዓት፡ ዝነበረ ክፍልታት ኣፍ ፍርቂ 180c ከበባ ጸላኢ ስለ ዝኣተወ ብፍላይ ድማ እቲ ማእከላይ ሕክምና ውድብ ህ-ግ-ሓ-ኤ ኣብ ስጥር ቀጽ ኣብ መንጎ ደብዓትን ቢልቓትን ምስ ኣዝዮም ብዙሓት ውጉኣት ዝነበርዋ ክፍሊ በቲ ጸልኢ ብኣፍጋንን, ቀጣንን ዝምጸ ሰራዊት መግዛእቲ ክሃርም ቀሊል ስለ ዘኾነ መሪሕነት ህ-ግ-ሓ-ኤ ንኣብ ደብዓት ታዓቕቦም ዝነበሩ ሲቪላዊ ህዝቢ ናብ ሰጠር ቀጽ ዝነበረ ክፍሊ ሕክምናን ውግኣትን ንኣብ ዜሮ ዝነበሩ ትሕተ ዕድመ ህጻናት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ቢልቓት ዝነበረ ክፍሊ ቍጠባን መደበር ታዕሊም ትሕተ
ዕድመ (ፊተውራሪ) ናብ ማይ ጨው ዝነበረ ናይ ምሩኻት ኢደ ስራሓትን፡ ማእከላይ ምርመራ ሓለዋ ሰውራ፡ ናብ ፋሕ ዝነበረ ብዓቢኡ ቤት ጽሕፈት መሪሕነት ውድብ ህ-ግ-ሓ-ኤ ክፍሊ ዜናን ክፍሊ ዕቀባ ብረትን...ወዘተ፡ ክግዕዝን ካብ ከበባ ከውጽኦ ግድነታዊ ስለ ዝነበረ፡ እቲ እንኮ ኣማራጺን መገድን ድማ ደን ኣባላት ተ-ሓ-ኤ ዝንቀሳቐስሉ ቦታት ምዕራባዊ ሳሕል ስለ ዝነበረ መሪሕነት ህ-ግ-ሓ-ኤ ንመሪሕነት ተ-ሓ-ኤ ደ-ኑ ናብኡ ከእቱ ሓተቶ።

ብወገን ተ-ሓ-ኤ ዝተዋህበ መልሲ እንተነይሩ ኣብ ከባቢ ቀብርውኣት,ሕሽክብ,ዓምበርበረት,ሩባታት ክውክን ቀይሕን,ሩባ ሰርሰርን,ይክኣል እዩ፡ ካብኡ ንላዕሊ ግን ወታሃደራዊ ምዓስከራትና ስለ ዝኾነ ኣጸጋሚ ክኸውን እዩ ዝብል ነበረ።መሪሕነት ህ-ግ-ሓ-ኤ ነዚ ዝተፈቐደሉ ቦታታት ክፍልታቱ ኣስጊሩ ምስ ቶቓጻጸረ። ምስ ዕብየት ክፍልታቱን ብዝሒ ሰቡን መስመር ቃሩራ ብምዕጻው፡ ነቲ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ዝነበረ ዕቝብ ህዝቢ ትሕተ ዕድመ ህጻናት ውጉኣት ኣብዚ ግንባራዊ ደን ክሕዞም ኣጸጋምን ዘያክልን ስለ ዝነበረ፡ ነዚ ዘይዕጡቕ እኩብ ዝነበረ ህዝቢ ንዓየት, ልሃንቲ ዶብ ሱዳን ከሕልፍ ዳግመ ሓተተ።

ኣይካኣልን እዩ ዝብል መልሲ ምስተዋሃቦ፡ ኣብ ሓሙሽተ መዓልታት ተርግኣዊ ወታሃደራዊ ስርሒታት ብምክያድን ብምሉኡ ቀብር-ውኣት፡ሕሽክብ፡ዓምበርበር፡ሓሊበት፡ገረግር፡ ኣስመራ፡ዓራግ፡ግልዕ ጻዕዳ ጸላም፡ሂውልዕ ፡ዓየት፡ ብምቍጽጻር ደን ህ-ግ-ሓ-ኤ ከም ዝኸውን ገበሮ፡ ነቶም ተማሃሮን ዑቑባት ስንኩላትን ተጋደልቲ ድማ ንልሃንቲ ኣእተዎም ካብዚ እዋን እዚ ሚሩ መሪሕነት ህ-ግ-ሓ-ኤ ኣንጻር ተ-ሓ-ኤ ካብቲ ኣቐዲሙ ዘካይዶ ዝነበረ ብጽዑቕ ስነ ኣእሞራዊ ምሕጻብ ኅስጓሳት ከካይድ መረ። ኅድኒ ኅድኒ እዚ ውሽጣዊ ኅስጓሳት ከም መቐጸልታ ውዕል 20 ጥቅምቲ 1977 ዓ-መ-ፈ. ኣብ 1979 ዓ-መ-ፈ. ሓባራዊት ፖለቲካዊት ኮሚቴ ክልቲኡ ውድባት ኣብ ሰሜነዊ ሳሕል ገረግር ኣስመራ ክሰርሕ ብሓባር ኣብ ወታሃደራዊ ንጥፈታት እኳ እንተመረ፡ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ግን ንመሪሕነት ተ-ሓ-ኤ መሳነኽላት ይፍጥሩ ከምዘሎ ጌሮም ኣንጻር ተ-ሓ-ኤ ብሰሚናራት ኅስጓስ ከካይዱ መሩ።

ኣብ ምጨረሻ ሽቶኡ ኣብ ድፋዕ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ምስ ሰራዊት ህ-ግ-ሓ-ኤ ኣሲራ ዝነበረት ብርጌድ ሓሊብ ሰተ ብለይቲ ጸልማት ተኅልቢባ ሓባሪ ከይሃትና ኣዝሊቓ፡ ጸላኢ ብኡኡ ኣትዩ ንሰራዊትና ብምጥቃዕ ሃስዩልና ብምባል ነቲ ኣብ ከባቢ ዓራግ፡ግልዕ ጸላም ጻዕዳ፡ ግህተብ፡ ዒታሮ፡ ናህባይ፡ ግዓት፡ ባድን፡ ኅቦ ሃገር፡ሽንኩለት፡ዓራርብ፡በረፍ.....ወዘተ. ሓኪሉ ዝነበረ ሰራዊት ተ-ሓ-ኤ. ምድምሳስስ ምሉእ ደን ኣብ ትሕቲ ሕዝባዊ ግንባር ከም ዝኸውን ኮነ። ብምሉኡ ሰራዊት ተ-ሓ-ኤ ሳሕል ገዲፉ ኣብ ባርካ ከም ዝኣቱ ኮነ ሳሕል ኣብ ምሉእ ምቍጽጻር ህዝባዊ ግንባርን ስርዓት ደርግን ኮነት። እቲ ዝነበረ ጸገማት ብምሉኡ ንመሪሕነት ህ-ግ-ሓ-ኤ ተስክሞ ኣይኮነን፡ ንገዛእ ርእሳ ኣብ ውሽጢ ውድብ ተ-ሓ-ኤ እውን ዳርጋ ዝተማልኤ ውሽጣዊ ርግኣት ነቲ ናይ ሓድነት ዝደፍእ ሕቶ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ኣብ ውሽጢ ኣንጻር መሪሕነት ተ-ሓ-ኤ ናይ መሳፍንቲ ምንቅስቓስ ነይሩ እዩ።

ስዒድ ሑሰን፡ ማሕሙድ ዲናይ፡ መሓመድ በሺር፡ መሓመድ ሲዕድ፡ ዑመር መሓመድ፡ ዑመር ሱበን፡ ሰዓ ብቶምን....ወዘተ ካልኦት ዘልውዎምን ኣብ ውሽጢ ተ-ሓ-ኤ እንከለው ኣብ ባቕዳድ (ዒራቕ) ኣዋጃት ብምዝርጋሕ ተነጺሎም ናቶም ውድብ ብምፍጣር ብ13 ግንቦት 1978 ዓመ-ፈ. ካብ የመን ንደንካልያ ክኣትው እንከለው ምስ ሰራዊት ተ-ሓ-ኤ ኵናት ሕድሕድ ከፈቱ።

እዚ መስፍናዊ ጕጅለ እዚ ቀንዲ ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ስምረትን ሃገርዊ ሓድነትን፡ ሰውራ ኤርትራ ሰፊሕ ሓራ ቦታታት ከይቃዳዶ ዝጻባእ ጕጅለ ነበረ፡ ነዝን ካልእን ኣብ ውሽጢ ተ-ሓ-ኤ ዝነበረ ሃጓፉ ብግቡእ መሪሕነት ህ-ግ-ሓ-ኤ እንዳ መዘኖ ይኸይድ ስለዝንበረ ቀጺሎም ነቲ ድኹም ውድባዊ ሰንሰለት ተ-ሓ-ኤ ኣብ መንጎ መሪሕነትን ካድረታትን መሰረታትን ተጋደልትን ዝነበረ ስዲ ጥርናፌ ዲሞክራስያዊ ማእከልነት ኣጸቢቑ ንኽምዕብል ግዜ ብምሃብ፡ ጸላኢ ማለት ስርዓት ደርጊ እስትንፋስ ክሳብ ዝህቦ ምቹእ ኵነታት ይጽበየሉ ነይሩ እምበር ንተ-ሓ-ኤ ንኽድምስስ ኣቐዲሙ ቅድሚ ከም ውድብ ምሟኑ ዝሓንጸጾ ውጥን (ስትራተጂ) እዩ።

**ይቕጽል......... (3ይ ክፋል 28.03.04)**

ስርዓት ደርጊ ካብ ሰነ 1978 ዓ-መ-ፈ. ክሳብ ሓምለ 1979 ዓ-መ-ፈ. ሓሙሽተ ተኻታታሊ ወራራት ኣካየደ ድሕሪ ምርብራብ ሰራዊት ህ-ግ-ሓ-ኤ ብ2 ታሕሳስ 1979 ዓ-መ-ፈ. ጸረ ምጥቃዕቲ ኣብ ግንባራት ናቕፋ፣ ሩባ መራት፣ ብምንጣፍ ካብ ኣኽራናት ናቕፋን ከባቢኣን ጸሪጉ ኣብ ሕሉምሕሉማት ከባቢ ኣፍዓበት ብኣንጻሩ ድማ ብጎላጉል ኖሮ ወሪዱ ኣብ ሽመር ኣድግን ከም ዝዓርድ ምስ ገበሮ፣ ሓይሊ ወታሃደርዊ ሚዛን ህ-ግ-ሓ-ኤን ስርዓት ደርግን ኣብ ጃልነት ስለ ዝኣተወ፣ ስርዓት ደርጊ ነዚ ናይ ጃልነት መድረኽ ንኽቕይሮ ንቐጻሊ ምጥቃዕቲ ክነጣጠፍ ግዜ ከምዘድልዮ ዝገምገመ መሪሕነት ህ-ግ-ሓ-ኤ ንውድብ ተ-ሓ-ኤ ምስ (ህዝባዊ ሓርነት ወያነ ትግራይ) ብምትሕግጋዝ ካብ ትርኢት ሜዳ ኤርትራ ንምጽራግ ወትሃደርዊ ስትራተጂ ብ28 ነሃሰ 1980 ዓ-መ-ፈ. ብምሕንጻጽ ጀመሮ። መሪሕነት ህ-ግ-ሓ-ኤ ነዚ ዕማም እዚ ከሰላስሎ እነከሎ ኣቐዲሙን ድሒሩን ዝጠመቶም ናይ ውሽጥን ወጻእን ሮቛሒታት ዝደፍእዋን ዝሕብሕብዋን እስትራተጂካዊ ዕላማታትን ረብሓታትን ነይሮም እዮም።

ንሳቶም ድማ፣ ቀዳማይ! <u>ውሽጣዊ እስትራተጂካዊ ሮቛሒታት!</u>

1) ላዕለዋይ መሪሕነት ህ-ግ-ሓ-ኤ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ብጭቡጥ ዝቃጸጾን ዝዋዳደሮን ዘይብሉ ዝራጋገጸሉ ህሞት ምፍጣር።

2) ነቶም ኣቐዲሞም ክቕንጽልዎ ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዝነበሩ ኣባላት መሪሕነት ተ-ሓ-ኤ ንምቕንጻል ካብ መኣዲ ቃልሲ ምንጻልን ሒነ ምፍዳይ።

3) ሜዳ ኤርትራ ብህ-ግ-ሓ-ኤ ከም ዝብሓት ጥራሕ ንምግባር።

4) ተ-ሓ-ኤ ምስ ፈረሰት ነቲ ምስኣ ተሰሊፉ ዝጋደል ዝነበረ ተጋዳላይ ከሲብካ ናብ ህ-ግ-ሓ-ኤ ከም ዝስለፍ ምግባርን ጉልበታዊን ሰብኣውን ዓቕሚ ንምስሳን።

5) ኣብ ትሕቲ ዋንነት ተ-ሓ-ኤ ዝነበረ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረት ኣብ ትሕቲ ሕዝባዊ ግንባር ከም ዝኣቱ ንምግባር።

6) ኣብ ተሕቲ ምቖጽጻር ተ-ሓ-ኤ ዝነበረ ስትራተጂካዊ ቦታታትን ህዝብን ንምቁጽጻር።

7) ንቐጻሊ ዝስለፍ ዜጋ ካልእ ውድብ ስለ ዘየለ ፈትዩ ጸሊኡ ናብ ህዝባዊ ግንባር ክስለፍ ከም ዝውሕዝ ምግባርን ስነሓሳብውን ግብራውን ምርጫታት እምንቶ ዜጋታት ምጽባብ።

8) ናይ ሓደ ውልቀ ሰብን ሓደ ውድብን ካልእ መዋዳድርቲ ዘይብሉ ፖለቲካዊ ውርጻ እንዳ ሃንጽካ ምጉዓዝ።

**ካልኣይ! <u>ናይ ወጻኢ እስትራተጂካዊ ሮቓሒታት!</u>**

1) ንምዕራባውያን ክፍለዓለም እስላማዊ ዓብላልነት ዘይብሉ የማናዊ ክንፊ ናይ ወጻኢ ፖለቲካዊ ህላዌ ናይቲ ዞባ ከም እተቛጻጸረ ንምርግጋጽ ሓጋዝነት ብዘይ ገለ ዕቛባታትን ከምዘይውሕዝ ምምሳልን።

2) ኣብቲ ዝካየድ ዝነበረ ዝሑል ኵናት ኣብ መንጎ ምዕራባውያንን ምብራቓውያንን ደንበትታ ብሓፈሻ ኣብ ኣፍሪ ቃን ቀርኒ ኣፍሪቃን ብፍላይ ህዝባዊ ግንባር ክጸሉን ክዋሳእን ምኳኑ ውሕስነት ብምእታው።

3) ነቲ ኣቐዲመን ኣብ ሰብዓታት ምዕራባውያን ሓጽየንኦ ዝነበራ ፖለቲካዊ መዓላታት ይትግበር ከም ዘሎ ንምንጻር።

4) ብምሉኡ ንሰውራ ኤርትራ ዝልገሰ ዝነበረ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ንኽልቲኡ ውድባት ይምቀል ስለዝነበረ ንህዝባዊ ግንባር ጥራሕ ንምባሓት።

5) እንኮን ሓያልን ወተሃደራውን ፖለቲካውን ህላዌ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ንሱ ጥራሕ ምኳኑ ንምርግጋጽ።

6) ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ናይ ሰላም ዘተ ንጥፈታት ተጻራርን ዝተፈለየ ርእይቶ ዘለዎ ውድብ ከምዘየለን ወዳኢ ጉዳይ ኤርትራ ንሱ ጥራሕ ምኳኑ ንምርኣይን ምስሓብን።

6) ልክዕ ከምቲ ንሓደ ሰውራ ዝደምሰሰ፣ ንስራዓት ደርጊ እውን ክድምስሶ ካብ መልእ ኤርትራ ከውጽኦ ከም ዝኽእል ንማሕበረ ሰብ ዓለም ንምምልካት።

ድሕሪ ተ-ሓ-ኤ ካብ ሜዳ ኤርትራ ምውጻእ፡ ላዕለዋይ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ድሮ ሻድሻይ ወረራ ብመንገዲ ሶማልን ቀይሕ ባሕርን ዘይተኣደነ ሎጂስትካዊ ቀረባት ክረክብ ጀመረ፡ ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ውን ንምዕራብ ዓለም እንዳተዛዋወሩ ዲፕሎማሲያዊ ንጥፈታታት ከካይድ ጀመረ።
ላዕለውይ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ኤርትራ ኣብዚ ከይተሓጸረ ንዓበይቲ ካድረታት ወታሃደራዊ ንመራሕቲ ተ-ሓ-ኤ ኣብ ተዕቑቦምሉ ዝነበሩ ስግረ ዶባዊ ሃገራት እንዳ ዳህሰሰ ቀተለ፡ ክቐትሎም ዘይኣካለ ድማ ካብ ኣብ ከባቢኦም ዝነብሩሉ ህዝቢ ክንጽሎም ፈተነ።

ምስ ምዕራባውያን ብምስምማዕ እውን ዑቕባ እንዳተዋህቡ ካብ ኤርትራን ከባቢኣን ርሒቖም ዝነብሩሉን ቃልሶም ዝሓጽረሉን ባይታታት ፈጠረ። ኣብ ውሽጢ ተ-ሓ-ኤ ብዝተፋላለየ ደርጃ ስለያ መርበባቱ ብምዝርጋሕ ኣብ ምምቕቓሎም እውን ዓቢ እጃም ተጣልዔ።

<u>ኣብዚ ከይተንተነ ክሕለፍ ዘይብሉ፡</u> እቶም ብሂወት ዘየለውን ገለን ሃገር ዝመርሑ ዘለው ገለ ኸኣ ኣብ እተፋላለያ ውድባት እናኾብለሉ ክሳብ ሕጂ ንውልቀ ረባሕኦም ክብሉ ብስም ሃይማኖትን ወገንን ንኽሽቅጡ፡ ዝፈጸምዎ ናይ ቅንጸላ ገበን፡ ኣብ ልዕሊ ክርስታያን ዝወረድ ዝነበረ ቅንጸላ፡ ብኸፊል ንምጥቃስ ዝኣክል፡ ኣብ 1966/1967 መምህር ወልዳይ ካሕሳይን ሰዓብቱን ካብ ሜዳ ገለን ብቐጥታ ገልን ብየመን ኣቢሎም ንኢትዮጵያ ኢዶም ብምሃብ ኣብ ዝሃብዎ ምስክርነት ብዙሓት ደቂ ከበሳ ክርስትያን ከም እተሓርዱ ምስክርነቶም ብጋዜጣን ብረድዮን ከም ዝሃቡ ዝዝከር እዩ። ከምኡውን ተጋደልቲ ኪዳነ ክፍለን፡ ወልዳይ ግደይን፡ ኑቲ ዝነበረ ሃይማኖታዊን ፖለቲካዊን ቅልውላውን ፍልልያትን ንምምያጥ ነቶም ኣብ ከሰላ ዝነበሩ መሪሕነት ቅያደል ዓማ ንምርካብ ንኸሰላ ኣብ ዝኸድሉ እዋን ኣብኡ ተቐንጸሊም ተረፉ፡ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝወሓዙ መናእሰይ ብስም ስረየት-ኣዲስ ዝፍለጡ እውን ግፍዓዊ ቅትለት ኣብ ልዕሊኦም ከም እተፈጸመ ደሞም ከእዊ ይነብር እሎ።

ኣብ ልዕሊ ጀጋኑ ተጋደልቲ ደቂ ሃገር እውን ኑቲ ዘይቅኑዕ ኣሳሰራርሓ መሪሕነት ስለ ዝተቓወሙ ፋሉል ዝብል ስም ኣጠሚቖም ሀ-ሁ በል ፋሉላይ በ-ቡ በል ፋሉላይ እናተባህሉ፡ ገለን ኣደዳ ሞት ገለን ኣማራጺ ስኢኖም ናብ ህ-ግ-ሓ-ኤ ንኽዕቀቡ እንተኸዱ ኣብ ናይ ባጽዕ ውግእ ብምእታው ተሰውኡ፡ ገለን ናብ ኢትዮጲያ ብምስላም፡ ዝተረፉ ድማ ፋሕ ጭንግራሕ ኣተዎም። እዚ ብመንጽር መንካዕ ክጥመት ከሎ ፍልልዩ ብዙሕ ኣይኮነን።

ከምኡ ውን ዶክቶር ፍጹምን፡ መልኣከ ተኽለን፡ ብገፍዒ ከም እተቐንጸሉ ምዝካር።
ብጭብጢ ኣቀታትልኦም ዘይተፈለጠ ደቂ ሃገር ከም በዓል ወልደዳዊት ተመስገን፡ ስዒድ ሳልሕ፡ ኣብርሃ ጋርዛ፡ ወዘተረፈ እውን ክዝከር ይግባእ።

ብኣንጻሩ እቲ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ውድብ ኣብ ዝመሰረትሉ እዋን፡ ንሕናን ዕላማናን እትብል መጽሔት ከም ናይ ክርስታያን ሓላዪ ተመሲሉ ንውልቀ ረብሓኡ ንኽብል ከምቶም ክልኦት ኣብ ዝተፋፍልያ ውድባት ዝሸቅጡ ዝነበሩ፡ ንሱ ውን ንህዝቢ ከበሳ ንኽሽስብ ክብል፡ ነታ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሳ ዘላ መጽሔት ዘርግሔ። ኮይኑ ግን እዚ ብውልቀ መሳኺ ዝምራሕ ውድብ ዘዝተፋላላለየ ኣስማት እንዳ ኣጠመቐ ንኣብነት መንካዕ,የሚን,ኣውራጃውያን,ሰለይቲ ናይ ሲ ኣይ ኤይ,ሰለይቲ ናይ ኢትዮጵያ,ሰለይቲ ናይ ዓማ, እናበለ ማእለያ ዘይብሎም ክርስትያን ቀንጸለ።

ብተዳጋጋሚ ኣስማቶም ኣብ ብዙሕ ጽሑፋት ከም ዝወጸ ክንዝክር ይግባእ ኮይኑ ግን ታሪኽ ብሓቂ ምድግጋም ኣይጸላእን።
<u>ገለ ገለ ካብቶም ብግፍዒ ዝተቐንጸሉ ኣስማቶም ንምጥቃስ ዝክል።</u>

| | | |
|---|---|---|
| 1) ደሃብ ተስፋጽዮን | መጻሉ | ኣ/ጕዛይ. |
| 2) የውሃንስ ስብሃቱ | ጕራዕ | ኣ/ጕዛይ. |
| 3) ተውልደ ኢዮብ | ሰሳሕ | ኣ/ጕዛይ. |
| 4) ሙሴ ተስፋሚካኤል | ዓዲ ፍኚዕ | ኣ/ጕዛይ. |
| 5) ሃብታስላሴ ገ/መድህን | ሓሊቦ | ኣ/ጕዛይ. |
| 6) ርእሶም ዘርኣይ | እንዳደቆ | ኣ/ጕዛይ. |
| 7) ጕይቶኦም በርሄ (ብጻይ) | ዓዲ ካንታ | ኣ/ጕዛይ. |
| 8) ተስፉ ኪዳነ | ኣሹሩር | ኣ/ጕዛይ. |
| 9) ሃብተ ኪዳነ (ጕሪላ) | ማዕረባ | ኣ/ጕዛይ. |
| 10) ኣብርሃም ገ/እየሱስ | ሰገነይቲ | ኣ/ጕዛይ. |
| 11) ጳውሎስ ተስፋዝጊ | ኣፈልባ | ኣ/ጕዛይ |
| 12) ሃብተ (ዓንተር) | ማይ ወይኒ | ኣ/ጕዛይ. |
| 13) ተድሮስ ተሳፍሚካኤል | ሓርዬን | ኣ/ጕዛይ. |
| 14) ተኽልማርያም ቀሺ ተ/ማርያም | ኰዓቲት | ኣ/ጕዛይ. |
| 15) መምህር ኣለም | ጕራዕ | ኣ/ጕዛይ. |
| 16) መምህር ኣርኣያ | ጕደይቲ | ኣ/ጕዛይ |
| 17) ወዲ ጭሩም | ኣፈልባ | ኣ/ጕዛይ |
| 18) ግርማይ በህረ | ዑና ፈርያን | ኣ/ጕዛይ. |
| 19) ኣማረ ትኰእ ምራጭ | ድግሳ | ኣ/ጕዛይ. |

| | | |
|---|---|---|
| 20) ኣርኣያ ሰመረ | ማይ ሰራው | ኣ/ጕዛይ. |
| 21) ዑቕባኣብ ስዩም | ዓዲ ቖንጺ | ኣ/ጉዛይ. |
| 22) ሃይለ ሓንሶ | ሰሳሕ | ኣ/ጉዛይ. |
| 23) ኢሳያስ ተ/ብርሃን | ኣሾሩር | ኣ/ጕዛይ. |
| 24) ገብረመድህን እንድርያስ | ኣውህነ | ኣ/ጕዛይ. |
| 25) ተስፋማርያም ፍታው | ኮርባርያ | ኣ/ጕዛይ. |
| 26) ዘርእዝጊ | ሓላይ/ድግሳ | ኣ/ጕዛይ. |
| 27) ዮናስ ተስፋሚካኤል | ዓዲ ፍኒዕ | ኣ/ጕዛይ |
| 28) ተስፋልደት | በራቔት | ኣ/ጕዛይ. |
| 29) ዮሴፍ ተውልደብርሃን | እንገላ | ኣ/ጕዛይ. |
| 30) ምስጉን ዮሴፍ | | ኣ/ጕዛይ. |
| 31) ሓጎስ ሚካኤል | ጨዓሎ ሃዳድም | ኣ/ጕዛይ. |
| 32) ሓጎስ ኣብርሃ | ሔቦ | ኣ/ጕዛይ. |
| 33) ሃይላት ወልደሚካኤል | ሓላይ | ኣ/ጕዛይ. |
| 34) ኢሳያስ | ዑና ዓንዶም | ኣ/ጕዛይ. |
| 35) ፍረዝጊ | ዓዲ ካንታ | ኣ/ጕዛይ. |
| 36) ሙሉብርሃን | ደርዓ | ኣ/ጕዛይ. |
| 37) ሃይለ ተወልደ | ኣምሁር | ኣ/ጕዛይ. |
| 38) ወልደሊባኖስ | ዓዲ ነብሪ | ኣ/ጕዛይ. |
| 39) መሓሪ ኪዳነ | ሃዳሙ ደቀምሓረ | ኣ/ጕዛይ. |
| 40) ተዓገስ ተስፋዝጊ | ዓዲ ቀረጽ/ኣድግና | ኣ/ጕዛይ. |
| 41) ገብረስላሴ ክፍለማርያም | ዓዲ ነብሪ | ኣ/ጕዛይ. |
| 42) ኪዳነ | ዓዲ ኣበይቶ | ሓማሴን |
| 43) ገብረሚካኤል | ወደርባዕተ | ሓማሴን |
| 44) ኣፈውርቂ ተኽሉ | ዓ/ተከለዛን | ሓምሴን. |
| 45) የማነ (መክሲኮ) | ዓዲ ሽማግለ | ሓማሴን. |
| 46) ዓወት ካሕሳይ | ክባቢ ኣስመራ | ሓማሴን. |
| 47) ጰጥሮስ ክሕሳይ | | ሓማሴን. |

ይቕጽል! (4ይን መጨረሻን ክፋል)

| | | |
|---|---|---|
| 48) ሰለሞን | ወልደማሪያም | ሓማሴን |
| 49 ተኽልኣብ ሚካኤል | ሰሓርቲ | ሓማሴን. |
| 50) መጎስ ኣብርሃ | ዓዲ ንኣምን | ሓማሴን. |
| 51) ዓንደብርሃን ስዩም | ዓደርዓዳ | ሓማሴን. |
| 52) ዘርኣይ | ቤት ጊዮርግስ | ኣስመራ. |
| 53) ሚካኤል ወዲ ዓቀይታይ | ሕምብርቲ | ሓማሴን. |
| 54) ኣለም ኣብርሃ | ዓዲ ዛምር | ሓማሴን. |
| 55) ታርቀ ይሕደጐ | ሕምኀብርቲ | ሓማሴን. |
| 56) ጠዓመ | ዓዲ ገብራይ | ሓማሴን. |
| 57) ሓጎስ ንጕሰ | ዛግር | ሓማሴን. |
| 58) ኣብርሃ | | ሓማሴን. |
| 59) መሕሪ ግርማጼን | እምባደርሆ | ሓማሴን. |
| 60) ወዲ ዘርኤ | ቤት ምኻእ | ሓማሴን. |
| 61) መሲሕ ርእሶም | ዓዲ ቀድነት | ሰራዪ. |
| 62) ደበሳይ ገብረስላሴ | | ሰራዪ. |
| 63) ገ/ኣምላኽ ኢሰቕ | | ሰራዪ. |
| 64) እስቲፋኖስ | | ሰራዪ. |
| 65) መምህር ተኽለ | | ሰራዪ. |
| 66) መንግስትኣብ ያሬድ | ዓዲ ኳላ | ሰርዪ. |
| 67) ኣበራሽ መልከ | ከረን | ሰንሒት. |
| 68) ጰጥሮስ ዮውሃንስ | ከረን | ሰንሒት. |
| 69) መሕመድ ዓሊ (ክለይ) | ባጽዕ | ሰምሃር. |
| 70) ኢብራሂም ዓፋ | ባጽዕ | ሰምሃር. |
| 71) መሓመድ ሂላል | | ደንከል |
| 72) ዶክቶር ኢዮብ ገብረልኡል | | |
| 73) ዶክቶር ርእሶም | | |
| 74) ዶክቶር ብእምነት | | |
| 75) ዶክቶር ሚካኤል | | |

76) ኣማንኤል ቀሺ
77) በርሄ መሲሕ
78) ተኽላይ ገ/እየሱስ
79) ምኪኤል በረኸትኣብ
80) ገብርኣምላኽ ይሳቕ
81) ተኽልማርያም ረሻይዳ
82) መምህር ጸጋይ ወዲ ራእሲ
83) ሙሴ ኪዳነ
84) መብራህቶም ወደባ ጎዳን
85) ፍስሃት ኪዳነ
86) እስቲፋኖስ
87) ኣባ ሳሙኢአል
88) ሃይለ ጀብሃ
89) ተስፋሚካኤል ዘርኡ
90) ሃይለስላሴ በራኺ
91) ተኪኤ በርሄ ወይ ሃይለ

ብ1977 ኣብ ከተማ ከረን ዋና ጸሓፊ ሀ-ግ-ሓ-ኤ ኣብ ዝገበሮ መደረኡ ርእይቶኦም ዝገለጹን ናይ መሪሕነት ታሪኽ ይፈልጡ እዮም ተባሂሎም ብጠርጠራ ተወሲዶም ዝተረሸኑ።

92) ተወልደ በይን
93) ወልደማርያም ተስፋዝጊ
94) እምባየ ገብሩ
95) ብርሃነ ሓድጉ
96) መልኣከ በራኺ
97) ገብረሕወት ክንፈ
98) ገብረጻድቕ ጊላኡ
99) መሓመድ ዑመር
100) ዑቕባሚክኤል
101) ነጋሽ ስብሃቱ
102) ዑመር በኺድ
103) ሓድጉ ማና
104) ሚእቲ ሓለቓ ዛይድ ዓዲ ኳላ ሰራየ.
105) ዕጨት ሒና
106) ፍትዊ ተስፋዝጊ

እዞም ኣብ ላዕሊ ኣስማቶም ተጠቒሱ ብግፍዒ ዝተቐንጸሉ ሰማእታት ደቂ ሃገር ካበየናይ ኣውራጃ ምኻኖም ንጹር ሓበሬታ ስለዘይተረኸበ እዩ ኣስማቶም ጥራሕ ተጠቒሱ።

ድሕሪ ሃገር ምሕራር ካብ ዝተፋላለያ ውድባት ነባራት ጀጋኑ ሓርበኛታትን ተጋደልትን፡ ከምኡ ውን ኣብ ሀ-ግ-ሓ-ኤ ዕድሚኦም ምሉእ ዝተቓለሱ፡ እሞ ኣብ ምሕራር ሃገር ዓቢ እጃም ዘበርከቱ ጀጋኑ ሓርበኛታትን ተጋደልትን፡ ካልኦት ንጹሃት ደቂ ሃገርን፡ ገለን ብመቕተልቲ ገለን ብማእሰርቲ፡ ከም እተሳቐዩን ይሳቐዩ ከምዘለውን ኣርሒቑ ክጥምት እንተዘይደልዩ ንማንም ስውር ኣይኮነን። ኣስፍሒካ ምጽሓፍ ምተገበኤ ነይሩ፡ ነገር ግን ታሪኽ ድሕሪ ምሕራር ሃገር ነብሱ ዝኸኣለ መድርኽ ስለ ዝኾነ፡ ንጸሓፍቲ ታሪኽ ምግዳፉ ይሓይሽ።

ክቡር ኣንባቢ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ታሪኽ ደም ብደም ይታሓጸብ ማለት ዘይኮነስ እቲ ሕሉፍ ታሪኽ ንኸይድገም ንምዝኽኻር ዝዓለመ እዩ፡ ማለት እቶም ኣብ ዝተፈላለያ ውደባት መዋእሎም ኣብ ስደት ከርተት ዝብሉ ዘለው መራኣሕቲ ፍልልያቶም ኣወንዚፎም ሽገር ሃገርን ህዝብን ብምቕዳም ጠልብ ህዝቢ ምዃኑ ክርድኦም ይግባእ።

ኣብ መደምደምታ ኦ ህዝቢ ኤርትራ ብኣሻሓት ዝቑጸሩ ብሉጻት ጀጋኑ ደቕካ ብንጽህና ንነጻነትን ሓርነትን መሰልን ዝተሰውኡላን ዝሰንከሉላን ሃገር፡ እቲ ትምኒትካን ባህግኻን ፍሬ ጻማኻን በዞም ውሕዳት ናይ ስልጣን ህርፋን ዘለውም ውልቀሰባት ገለን ሃገር ዝገዝኡ ዘለው ገለን ኣብ ስደት ዘለው ኣብ መደምደምትኡ ከይ በጸሐ ከም እተቑጸየ ኩሉ ዝምስክሮ እዩ።
ብእንጻሩ ኣደዳ ጥምየትን ሕማምን ስደትን ከም ዝኾንካ ናይ ዓለም ዜን መሳራጨውቲ ክዝርግሕኦ ይውዕላ ኣለዋ፡ ስልዚ ሃገር ብህዝቢ ዝመጸት ናይ ህዝቢ ምዃና ሓደሊ ደማ ናይ ህዝቢ ምዃኑ ኣሚንካ፡ ነዞም ገዳ መታት ኣሽካዕላል ዝተጻወቱልካን ዝጻወትልካ ዘለውን ብምግንዛብ፡ ኣብ ስሳታት ዝጀመረ ምፍሕፋሓት ኣብ ሰብዓታት ብግብሪ ዝተነጸረ ምፍንጫላት ሕጂ ውን ይቕጽል ዘሎ ህዝቢ ተጽዕኖ እንተዘይገርሎም ተሳማሚዕም

መፍትሒ ከምጹ ማለት ናይ ለዋሃት ኣዘራርባ ጥራሕ እዩ ክባሃል ዝካኣል ምኽንያቱ፡ (ዘይባኣስ የለን ዘይዕረች ሕሱም) ስለዝኾነ።

እታ እንኮ መፍትሒን ኣማራጽን ዘላ (ተምንሲ ኻኽብዱ ክብል ብኽብዱ ደኽይድ) ከም ዝብሃል፡ ከምኡውን ህዝቢ ኤርትራ ንጠቕሙን ንጠቕሚ ሃገሩን ክብል ኣብ ወጻኢን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ዝርከብ ወዲ ሃገር ነቲ ዝሓለፈ ናይ መፋላልዪ ተንኮላት ብሃይማኖት ብወገን ብዓሌት ዝብል መርዛም ሕማም ኣስተባሂልካ ሃገርን ህዝብን ካብ ዓዘቕትን ሽግርን ንምንጋፍ ናይ ኩሉ ወዲ ሃገር ሓላፍነት ስለ ዝኾነ ብሃገራዊ ባይቶ መልክዕ ደኹን ብህገራዊ ዘተ ወይ ተመሳሳላይ ህዝብናን ሃገርናን ካብ ምጽናት ንምድሓን ንበራበር።

ለበዋ! ከምቲ ኣብ መእተዊ ናይዚ ጽሕፍ ዝገለጽክዎ ሕሉፍ ታሪኽ ብፍርይ ዝበለ ኢለ ጠቒሰ ነይረ፡ ነገርግን ታሪኽ ዓይኻ ዓሚትካ ስለ ዘይሕለፍ፡ ነዚ ትሕዝቶ ናይዚ ጽሑፍ ብደቂቕን ብትኽክልን ሕሉፍ ታሪኽ ኣፍልጠ ኣለኒ ኢሉ፡ ብዝመሰሎ ዘይኮነ ብዘይ ኣድልዎን ናብ ወገን ውልቀሰባትን ከምኡ ውን ውድባትን ከይዘዘወ፡ ኣሪሙ ንመጻኢ ወለዶ ታሪኽ ብመጽሓፍ መልክዕ ንምቕራብ፡ ቅሩብነት ዘለዎ መድረኽ ክፉት ምዃኑ ዘይምዝንጋዕ።

ስውኣትና ንዘላለም ይዘከሩ
ጽንዓትን ተጻዋርነትን ንኣካለ ስንኩላትና
እሜን።

ተ ፈ ጸ መ